Produktion: Region Halland, Kommunikationsservice. Januari 2016.

Tigrinja

# ክሎስትሪዲዩም ዲፊሲል-ናይ ሕሙም ሓበሬታ

## ድሕረ ባይታ

ክሎስትሪዲዩም ዲፊሲል ባክተርያ ኣብ መዓንጣ ናይ ነኣሽቱ ቆሉዑን ዓበይቲን ብፍላይ ይርከብ። ኣብ ገለ ኩነታት እቲ ባክተርያ መርዛም ነገር ስለዘፍሪ ከም ሳዕቤኑ ውጽኣት የስዕበልና። እዚ ባክተሪያ ከም ደቂቕቕቲ ታህዋስያን ኮይኑ ኣብ ከባቢ እቲ ሕሙም ይጸንሕ። ከም ልሙድ ብዘይምልክት እቲ ባክተርያ ኣካል ናይ መዓንጣ ኮይኑ ይጸንሕ።ኣተሓሕዛ ጸረ-ነፍሳት ከምልሙድ ምስ ካልእ ሕማም ምስዝተሓዋወስ ሓደ ካብ ጠንቂ ውጽኣት ኮይኑ ክሎስትሪዲዩም ባክተርያ ዘለዓዕሎ እዩ። ጸረ ነፍሳት ነቲ ኣብ መዓጣና ዘሎ ብዝሒ ባክተርያ የጉድሎ ከሙኡውን ክሎስትሪዲዩም ባክተርያ ዋላ በቲ ሓፈሻዊ ጸረ-ነፍሳት ኣይጸሎ መርዚ ስለዘፍሪ ከም ሳዕቤኑ ነቲ ንማዓንጣ ሽፋኑ ዘሎ ሽፋን ከምዝንድር ይገብር።

## ምልክታት

ማይ ዝተሓወሶ ጨናዊ ቀልቀል፡ ቃንዛ ከብዲ፡ ማእከላይ ረስኒ ይገብር። ብርትዐ ናይቲ ምልክታት ግን ክፈላለ ይኽእል።

መርመራ

ናይ ቀልቀል መራኣያ ከትህብ የድልየካ።

## ፍወሳ

እቲ ማእከላይ ዓይነት ውጽኣት ድሕሪ ዝተዋህበ ምድሃኒት ምውድኡ ብዘይ ሕክምዊ ፍወሳ ይኽእል እዩ፡፡ ውጽኣት ኣብ ኣካልና ዘሎ ብዝሕ ፈሳሲ ስለዘጎድል ነቲ ፈሳሲ ዝጎደለ ውሑድ ፈሳሲ ብተደጋጋሚ ብምውሳድ ምትክኡ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ውጽኣት ክብደት እንተሃልይዎ ፍሉይ ጸረ-ነፍሳት ክትወስድ ሓኪምካ ክእዝዘልካ ይኽእል እዩ።

## ዝተሓላለፈሉ

እቲ መልክፍቲ ብመሰረቱ ብውጽኣት ይስፋሕፋሕ። እቲ ባክተርያ ከም ደቂቕ ተጻዋሪ ታህዋስ ኮይኑ ኣብ ቀልቀል ብምጽናሕ ነቲ ከባቢ ብምብካል ዓይኒ ምድሪ ኣብ ንጥቀመሉ ቀልቀል ክንወጽእ ከለና ኮፍ ንብለሉ ማይ፡ ናይ ዓይኒ ምድሪ መፈሲ ማይ፡ ናይ ዓይኒ ምድሪ ማዕጾ፡ ቀልቀል ወዘተ ምስንትንክፍ ብዝያዳ ነቲ ባክተርያ ከስፋሕፍሖ ይኽእል። ሕማም ክሕዘና እንተኾይኑ እቲ ባክተሪያ ብኣፍና ጌሩ ናብ መዓንጣና ክበጽሕ ኣለዎ።

ናይ ኢድና ጽሬት ኣገዳሲ እዩ። መግቢ ቅድሚ ምብላዕካን ዓይኒ ምድሪ ድሕሪ ምጥቃምካን ኩሉ ግዜ ኢድካ ብማይን ሳምናን ተሓጸብ። ድፍሲል ንነዊሕ ግዜ ካብ ኣካልና ወጻኢ ይጸንሕ፡ ስለዚ ከኣ ኣብ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ሽግር ክፈጥር ይክእል እዩ። እንተኾነ ግን ኣብ ልዕሊ ኣባላት ስድራቤት ናይ ምልካፍ ተኽእሉኡ ንኡስ ኢዩ። ኣባላት እቲ ስድራ ናይ ኢድ ጽሬት ከዘውትሩ ሕሙም ዝጥቀመሉ ሽንማይኖ ምጥቃም ከወግዱን የድልዮም።

## ኣብ ገዛ ክተተግብሮም እትኽእል ናይ ምኽልኻል ኣገባባት፡

- ጽሬት ኢድ፡ ቅድሚ መግቢ ምስራሕካ፡ መግቢ ምብላዕካን ዓይኒ ምድሪ ድሕሪ ምጥቃምካን ኢድካ ብፈሳሲ ሳምና ምሕጻብ።
- ጽሬት ምዝውታር፡ ኣብ ሰሙን ብዙሕ ግዜ ነፍስኻ ምሕጻብ፡ ናይ ውሽጢ ክዳንካ መዓልታዊ ምቕያር።
- ናይ ገዛእ ርእስኻ ሽንማይኖ ምጥቃምን ደጋጊምካ ምቕያር።

## ብሕክምና ዝውሰድ ስጉምትታት

ክሳብ ውጽኣት ዝገደፍካ ናይ ገዛእ ርእስኻ ዓይኒ ምድሪ እንዳተጠቀምካ ንጽል ኢልካ ኣብ ገዛኻ ትጸነሕ ክምኡ`ወን ዋላ ውጽኣት ይግደፍካ ንዝትወሰነ መዓልትታት ከምዘለኻዮ ምጽናሕ የድሊ። ኣብዚ ግዜ እዚ ኣገልግሎት መግቢ ኣብ ገዛኽእ ኮንካ ትረክብ። ቅድሚ መግቢ ምብላዕካ ከምኡ`ዉን ድሕሪ ዓይኒ ምድሪ ምጥቃምካ ኢድካ ብሳሙናን ማይን ምሕጻብ የድሊ። ጽሬት ምዝውታር ማለት ነፍስኻኣ ምሕጻብን ናይ ውሽጢ ክዳንካ መዓልታዊ ብምቕያር ክኸውን ይኽእል። ዝካኣል እንትኾይኑ ክርእዩኻ ካብ ዝመጹ ሰባት ከምዝየመጹ ጽቡቕ እዩ። በጻሕቲ ምስዝህልውኻ ድማ ቅድምን ድሕርን ምብጽሖም ናይ ኢዶም ጽርየት ክሕልዉ ኣለዎም። ብተውሳኺ ንክፍልካኻ ጥራሕ እምበር ንካልእ ክፍሊ ክበጽሑ ክፍቀደሎም የብሉን።

**Ring 1177 for health care advice in English/Swedish or visit www.1177.se/Halland/other-languages**

---



Region Halland